# ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ይፈትሑ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 13.08.2008

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ ዝኣምን ህዝቢ ኢዩ። ዝባን መንግስቲ፡ ዝባን ሕጊ ደድሕረይ ስዓብ ተባሃሂሉ ናብ ሕጊ ወይ ናብ ዳኛ ዝበጽሕ ዝነበረ ህዝቢ ኢዩ። ማእሰርቲ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ፍሉጥ ኣይነበረን። ዝበደለ ብሕግታት እንዳባ፡ ወይ ብዓበይቲ ዓዲ ዝውሃቦ ፍርዲ ብምፍጻም'ዩ ክናበር ጸኒሑ። ኣብያተ-ማእሰርቲ ምስ ምምጻእ ናይ ገዛእቲ ኢዩ መጺኡ። መብዛሕትኡ ድማ ኣብ ከተማታት ኢዩ ዝርከብ።

ኣብ መዋእል መግዛእቲ ጣልያን፡ እቲ ዝኸፍአ ቤት ማእሰርቲ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ዝነበረ ኣብ ደሴት ናኹራ ዝነበረ ቤት ማእሰርቲ ኢዩ። ኣብ ኣስመራ ድማ፡ ካዘርማ ሙሶሊኒ ዝብሃል ቤት ማእሰርቲ ዝበርትዐ ምንባሩ ይዝረበሉ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ ኣብ ሰንበልን ዓዲ ኳላን ዝርከብ ኣብያተ-ማእሰርቲ'ዩ ዝበዝሐ እሱር ዝሳቐየሉ ዝነበረ። ምስ ምምጻእ ናይ ስርዓት ደርጊ ድማ፡ ከም በርሙዳ ዝኣመሰለ፡ ዝተፈላለየ ኣስማት ዘለዎ ናይ ቪላታት ኣብያተ-ማእሰርቲ ክም እተጀመረ ይፍለጥ።

እቲ ዝኸፍአን ዝበዝሐን ኣብያተ-ማእሰርቲ ግን፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ'ዩ ተፈጢሩ። ኣብ ርእስ'ቲ ዝነበረ ፍሉጥ ኣብያተ-ማእሰርቲ፡ ኣብ ዘይጽወር ሙቐት ዘለዎ ቦታታት ከም ዊዓ፡ ገልዓሎ፡ ጋሕተላይ ዝኣመሰሉ ቦታታት፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ከም ዒራዒሮ፡ ዓዲ ኣበይቶ፡ ዓዲ ንፋስ፡ ማይ ዕዳጋ፡ ሳዋ፡ …ወዘተ ዝኣመሰሉ ገጠራት ኣብያተ ማእሰርቲ ኣለዉ። ኣብ'ተን ዓበይቲ ከተማታት ኤርትራ ድማ፡ ተወሰኽቲ ኣብያተ-ማእሰርቲ ተሰሪሖምን ጌና ውን ይስርሑ ኣለዉን። ናይ ባረንቱን ተሰነይን ኣብያተ-ማእሰርቲ ድማ፡ ዝዓበያን ዝኸፍአ ጭቃኔ ዝፍጸመለን ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ኤርትራ ኢየን። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ሓለፍቲ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ዝቘጻጸርዎ ማእለያ ዘይብሉ ዘይፍሉጥ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣብ ፈቖዶ ኩርንዓት ኤርትራ ከም ቃንጥሻ ክበቍል ተራእዩ። ኣብ ትሕቲ መሬትን ኣብ ኮንተይነራት ከይተረፈ ውን ምእሳር ኣሎ።

ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝፍጸም ዝተፈላለየ ዓይነት ዓዛብን ስቅያትን ድማ፡ ዋላ ውን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ፡ ንበይኑ ጥራሕ መጽሓፍቲ ክጽሓፈሉ ዝኽእል ኣርእስቲ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም

- ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን፤
- ኣባላት ህግሓኤ ወይ ህግደፍ ዝኾኑ ተቓወምቲ ናይ'ቲ ስርዓት፤
- ኣባላት ዝተፈላለያ ሃይማኖታዊ ትካላት፤
- ናይ ብሕታውን መንግስታውን ጋዜጠኛታት፤
- ካብ ስደት፡ በስገዳድ ተባሪሮም ናብ ሃገሮም እተመልሱ፤
- ኣብ ኤምባሲታትን ዘይመንግስታውያን ትካላትን ዝሰርሑ ዜጋታት፤
- ካብ ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝኾብለሉ ወይ ዝተሰወሩ፤
- 50,000 ናቕፋ ክኸፍሉ ዘይከኣሉ ወለዲ ወይ ቀረብ ናይ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተሰውሩ መንእሰያት፤ ከምኡ ውን፡ ብቂምን ቅርሕንት ናይ ባህ ኣይበሎም ዝብል መንፈስ ዘበገሶን፡ ከም ናይ ኣስቴር ዮውሃንስ፡ በዓልቲ ቢቱ ንእሱር ጴጥሮስ ሰለሙን ዝኣመሰሉ ማእሰርትታት ውን ኣለዉ።

እቲ ዝኸፍአ ድማ፡ እዞም እሱራት እዚኣቶም ምስ ቤተ-ሰቦም ይኹን ወይ ድማ ምስ ከም ቀይሕ መስቀል ዝኣመሰሉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራት ክራኸቡ ይኹን፡  ጠበቓታት ሒዞም ኣብ ፍርዲ ክቐርቡን ክሚገቱን ዘይኽእሉ ምኻኖም ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዛዕባ ሃለዋቶም፡ ብዘይካ ካብ ማእሰርቲ ዘምለጡን ወይ ድማ ካብ ሓለውቶም ዝሰሉኽ ሓበሬታትን እንተዘይኰይኑ ዝፍለጥ ነገር የለን። ኣብ ማእሰርቲ እንከለዉ ናይ ዝሞቱ እሱራት ምኽንያት መሞቲኦም ኰነ፡ ሬሳታቶን ንቤተ-ሰቦም ኣይውሃብን ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኣስመራ፡ ዋጋን ክብርን ወዲ ሰብ ክሳብ'ዚ ደረጃ'ዚ ኢዩ ሓሲሩ ዘሎ።

ካብ'ቶም ናይ ፖለቲካውን ናይ ሕልናን እሱራት ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣክል፡

- ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝነበሩ ብጾት ወልደማርያም ባህልብን ተኽለብርሃን ገብረጻድቕን (ወዲ ባሻይ) ካብ 25 ሚያዝያ 1992፤
- ማሕሙድ ሸሪፎ፡ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ሃይለማርያም ወልደትንሳኤ (ድሩዕ)፡ ሓምድ ሕምድ ..ወዘተ ዝርከብዎም ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር ካብ 18 መስከረም 2001፤
- ዩሱፍ መሓመድ ዓሊ፡ ኣማኑኤል ኣስራት፡ ስዩም ተስፋይ ዝርከብዎም 10 ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛታት ኣዳለውቲ ካብ 10 ጥቅምቲ 2001፤
- ካብ መራሕቲ ሃይማኖት ድማ፡ ኣቡነ ኣንጦንዮስ፡  ፓስተር ኪዳነ ወልዱ፡ ፓስተር ልኡል ገብርኣብ፡ ፓስተር መንግስተኣብ ተወልደመድህን፡ ፓስተር ሃይለ ናይዝጊ፡ ፓስተር ዶክተር ክፍሉ ገብረመስቀል፤
- ካብ መራሕቲ ንቓባዊ ማሕበራት ድማ፡ ኣቶ ተወልደ ገብረመድህን፡ ኣቶ ምናሰ ዓንደጽዮን፡ ኣቶ ሃብቶም ወልደሚካኤል፤

ወዘተ...  ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ብዘይ ፍትሕን ኣብ ማእሰርቲ ይሳቐዩ  ኣለዉ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ቀዳማይን መስራትን ጉባኤኡ ብዛዕባ እሱራት ኣመልኪቱ፡ ...ስርዓት ህግዲፍ ብዝተኸተሎ ዲክታትርያዊ ፖሊሲታት ህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ማእሰርትን መቕተልትን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ጉዳይዚ ኣዝዩ ዘተሓሳሰብን ዘሻቕልንን ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ጉባኤ ተሪር ተቓውሞኡ ገሊጹ። ነዚ ጉዳይዚ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ንምቅላዕን ናይ ዓለም ቆላሕታ ከምዝረክብ ንምግባርን መሪሕነት ሰልፊ ብሰፊሑ ክነጥፈሉ ጉባኤ ኣተሓሳሲቡ... ዝብል ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ኣብ ኣውሮጳ ዝርከብ መርበብ ኤርትራውያን ሲቪላዊ ማሕበራት፡ ብኣጋጣሚ 18 መስከረም ኣብ ብራሰልስ ዘካይዶ ዘሎ እሱራትና ይፈትሑ ዝብል ሰላማዊ ሰልፊ፡ ቅዱስ ዕላማ ስለዝኾነ፡ ኵሉ ብሃገራይ፡ ብህዝበይ እግደስ'የ ዝብል፤ ፍትሕን ሕግን ክነግስን ሰብኣዊ መሰላት ክኽበርን ዝደሊ ኤርትራዊ ክሳተፎ ይግባእ።

ጉዳይ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ዘየገድሶ፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ኤርትራውያን ዝፍጸም ግፍዕን ማእሰርትን ቅትለትን ዘየሕምሞ፡ ብዛዕባ ሓልዮት ሃገርን ሓልዮት ህዝብን ክዛረብን፤ ኣብ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን እኣምን'የ ክብልን ፈጺሙ ቅቡል ኣይኰነን። ስለ'ዚ፡ ሃየ ሓደ ኢድን ሓደ ድምጽን ኰይና፡ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ክፍትሑ ንጸውዕን ዘድሊ ጸቕጢ ንግበርን።